ኖርወይ

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ብዛዕባ ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን ክትፈልጥዎ ዘለኩም

ዓይነት ኤ (Type A)

**ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልከቲ**




TIGRINYA

# ትሕዝቶ


ስለምንታይ ኢኻ እዛ በራሪ ወረቐት እትቕበል ዘለኻ? 3

ኣህጉራዊ ሓለዋ እንታይ እዩ መን እዩኸ ክረኽቦ ዝኽእል? 3

ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን እንታይ እዩ? 4

ዝውውር ወይ ምስግጋር እንታይ ማለት እዩ? 5

ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ መመልከቲኻ ከምእትምርምር ዝምልከት ውሳነ እናተጸበኻ ከለኻ ዘለዉኻ መሰላት 5

ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ መመልከቲኻ ከምእትምርምር ዝምልከት ውሳነ እናተጸበኻ ከለኻ ኣበይ ክትጸንሕ ኢኻ? 7

ኣብዚ መስርሕ እዚ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር? 7

ኣየኖት ሰነዳት ክተቕርብ ኣለካ? 8

ስለምንታይ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ክትህብ ግዴታ ኣለካ? 9

ግዴታኻ እንተዘይኣማሊእካ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? 10

ምእሳር ማለት እንታይ ማለት እዩ? 11

እቶም ሰብመዚ ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ብኸመይ ይውስኑ? 12

ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ንምርዳእ ንምሕጋዝ ቃለ መሕትት ክግበረልካ ይኽእል እዩ 13

ቃለ መሕትት ኩሉ ግዜ ድዩ ዝካየድ? 14

ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ስድራቤት ከምዘለካ ንምርግጋጽ እንታይ ዓይነት መርትዖ ክተቕርብ ትኽእል?-

እቲ መስርሕ ክንደይ ግዜ ዝወስድ እዩ? 18

ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ እንተ ኣመልኪትካኸ? 19

እቲ ውሳነ ምስ ተገበረ እንታይ እዩ ክኸውን? 20

ብዛዕባ ኣገባብ ይግባይ ክትፈልጥዎ ዘለኩም (ውሁድ ናይ እገዳ ተፈጻሚነትን ቀጻሊ ይግባይን ኣብ ዝህልወሉ እዋን) 21

ብዛዕባ ኣገባብ ይግባይ ክትፈልጥዎ ዘለኩም (ናይ እገዳ ተፈጻሚነትን ቀጻሊ ይግባይን ክፈላለዩ ከለዉ) 22

እንታይ ዓይነት ውልቃዊ መረዳእታ እዩ ዝእከብ? 23

ምስ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብዝተኣሳሰር ዘለዉኻ መሰላትካ እንታይ እዮም? 24

## ስለምንታይ ኢኻ እዛ በራሪ ወረቐት እትቕበል ዘለኻ?

ኣብ ሓንቲ ካብተን 31 ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቕባ ተባሂሉ እውን ዝፍለጥ) ሓቲትካ ኣለኻ። እዚ ማለት ሕጂ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኢኻ ማለት እዩ። ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክህልዋ ይኽእል እዩ። ሕጂ ነዚ ውሳነ እዚ ትጽበይ ኣለኻ።

ኣየነይቲ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምር ንዝምልከት ክጸልዎ ስለ ዝኽእል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ብኸመይ ከም ዝተሓባበራ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሉ ኣድላዪ ሓበሬታ ኣብዛ በራሪ ወረቐት ክትረኽቦ ኢኻ።

## ኣህጉራዊ ሓለዋ እንታይ እዩ መን እዩኸ ክረኽቦ ዝኽእል?



ጥቕዓት ስለ ዝፈራሕካ ወይ ናይ ብሓቂ ከቢድ ጉድኣት ከየጋጥመካ ስለዝፈራህካ ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተዘይክኢልካ ኣህጉራዊ ሓለዋ ከድልየካ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ንኣብነት ህይወትካ ወይ ናጽነትካ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ዝኽእል እንተኾይኑ እሞ ሰበስልጣን ሃገርካ ካብቲ ዘጋጥመካ ሓደጋ ክከላኸሉልካ ዘይክእሉ እንተኾይኖም።

ብዛዕባ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ሓደ ፍሉይ በራሪ ወረቐት ክትረኽቡ ኢኹም።

**ሕጂ ኣብ ኖርወይ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**



እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን



ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

## ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን እንታይ እዩ?



ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን (Asylum and Migration Management Regulation፣ AMMR) ኣብ ዝበሃል ናይ ሓባር ሕጊ ተሰማሚዐን። እዚ ሕጊ እዚ ኣየነይቲ ሃገር ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝቐረበ መመልከቲ ንምምርማር ሓላፍነት ከም ዘለዋ ንምውሳን ይሕግዝ። እዚ ሕጊ እዚ፡ ሓንቲ ሃገር ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ መመልከቲታት እንተተቐቢላ፡ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንሓድሕደን ክተሓጋገዛ ዘኽእለን እዩ።

ሓንቲ ካብ ሃገራት EU+ ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ውሕስነት ኣለካ እዩ፣ ኮይኑ ግን ኣየነይቲ ሃገር EU+ ሓላፍነት ከም እትወስድ ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። እታ ንመመልከቲኻ እትምርምር ሃገር ብሕጊታት ሕጊ AMMR እያ እትውሰን።

ኣብዚ በራሪ ወረቐት እዚ ዘይተረድኣኩም ነገር እንተሃልዩ ንሓላፊ ኢሚግሬሽን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።



ኣብዚ እዋን እዚ፡ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ካብኣን ኣየነይቲ ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ከም ዘለዋ ጥራይ እየን ዝውስና ዘለዋ።

ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ከምዘለዋ እንተተወሲኑ፡ ናብታ ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ።

## ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ መመልከቲኻ ከምእትምርምር ዝምልከት ውሳነ እናተጸበኻ ከለኻ ዘለዉኻ መሰላት



ንመጀመርታ ግዜ ኣህጉራዊ ሓለዋ ትሓትት እንተኾንካ፡ ነጻ **ሕጋዊ ምኽሪ** ክትረክብ መሰል ኣለካ። እዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ሰብመዚ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ኣማኻሪ ሕጊ ብዛዕባ መሰላትካ ክሕብረካን ኣብ ከይዲ እቲ መስርሕ ክድግፈካን እዩ። ኣቐዲምካ ኣማኻሪ ሕጊ ንምቑጻር ገንዘብ እንተኸፊልካ፡ እቶም ሰበስልጣን ነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ዘይክህቡኻ ይኽእሉ እዮም። ሕጋዊ ምኽሪ ብጉጅለ ደረጃ ክወሃብ ይኽእል እዩ፣ ግን እቲ ኣማኻሪ ብሕታዊ ሓበሬታኻ ንኻልኦት ሰባት ኣይከካፍልን እዩ።

ምስ ዝምልከቶም ሰበስልጣን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ብምርኻብ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡

ኣብ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ሮደ/Råde ምስ ካሪታስ/Caritas ንክትዛራረብ ዕድል ይወሃበካ ኢዩ።

**ካሪታስ/Caritas:**

ቍጽሪ ስልኪ: (+ 47) 23334360

መርበብ ሓበሬታ ካሪታስ/Caritas : https://caritas.no

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/**UDI:**

ቍጽሪ ስልኪ: (+47) 23351600

መርበብ ሓበሬታ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/**UDI:** https://www.udi.no/



እዚ ብዛዕባ ኩነታትካ ንክትዛረብ ዝቐለለ እንተኾይኑ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ተርጓሚን ሓላፊ ጉዳይን ንምርካብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ሰበስልጣን ብዝተኻእለ መጠን ድሌታትኩም ከኽብሩልኩም እዮም።



ብተወሳኺ ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ንምውሳን ብዛዕባ እቲ ኣገባብ ሓድሽ ሓበሬታ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ሓድሽ ሓበሬታ ክትሓቱ ምስ እትደልዩ፡ ንዝምልከቶም ሰበስልጣን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ቍጽሪ ስልኪ: (+47) 23351600.

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI: https://www.udi.no/.




ኣብ ዝኾነ ስጉምቲ መስርሕ ዑቕባ ምስ ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Refugee Agency፣ UNHCR) ክትራኸብን ክትዘራረብን መሰል ኣሎካ።

UNHCR ንረብሓታትን መሰላትን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ይሕሉ።

ዝርዝር ርክብ UNHCRን ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባን ኣብ መርበብ ሓበሬታ: https://help.unhcr.org/ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብዛዕባ እቲ እትረኽቦ ደገፍን ኣገልግሎታትን ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ፍሉይ በራሪ ወረቐት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።**

## ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ መመልከቲኻ ከምእትምርምር ዝምልከት ውሳነ እናተጸበኻ ከለኻ ኣበይ ክትጸንሕ ኢኻ?



- ንግዚኡ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ግዴታ ኣለካ።
- ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ዝፍቀደካ ብሰበስልጣን ፍቓድ ምስ ዝወሃበካ ጥራይ እዩ።
- እቶም ሰበስልጣን ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ክትምርምሮ ከምዘለዋ እንተ ወሲኖም፣ እቶም ሰበስልጣን ናብታ ሃገር ንእትገብሮ ጉዕዞ ከዳልዉልካ እዮም።

## ኣብዚ ኣገባብ እዚ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር?

ነዞም ዝስዕቡ ግድን ክትገብሮም ኣለካ፡

- መመልከቲኻ ክሳብ ዝምዝገብ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ኣለካ።
- ቅድሚ ሕጂ ቪዛ ወይ መንበሪ ፍቓድ ተዋሂቡካ እንተኾይኑ፡ ኣብኡ ምስ በጻሕካ ኣብታ ዝሃበትካ ሃገር ዑቕባ ኣመልክት።
- መንነትካ ንምርግጋጽ ዘለካ ኩሉ ናይ መንነት ሰነዳት ኣቕርብ።
መታወቅያ ሰነድ ነይሩካ ግን ሕጂ ምሳኻ እንተዘይሃልዩ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሃገርካ ብመንግስቲ ተዋሂቡካ ከም ዝነበረ ንሰበስልጣን ክትሕብር ይግባእ።
- ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝተጓዕዝካሉ ግዜያት ኩሉ ንሰበስልጣን ኣፍልጦም።
- ብዘይ ፍቓድ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተጸኒሕካ ንሰበስልጣን ኣፍልጦም።
- ብዛዕባ ዝኾነ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘለካ ናይ ቀረባ ስድራቤት ንሰበስልጣን ኣፍልጦም።

**ኣገዳሲ!** ብሕጊ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክትህብን ስእልኻ ክትስኣልን ግዴታ ኣለካ።

## ኣየኖት ሰነዳት ክተቕርብ ኣለካ?

ኩሎም ምሳኻ ዘለዉ ዝስዕቡ ዓይነታት ሰነዳት ንሰበስልጣን ኣካፍሎም፡




- መንነትካ (ናይ ልደት ምስክር ወረቐት፣ ፓስፖርት፣ መለለዪ ወረቐት)



- ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝርከቡ ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤት (ወግዓዊ ሰነዳት፡ ርክብ ከም ዘለኩም ዘርኢ መርትዖ)




- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሃገራት EU+ ዝነበረካ ጻንሖት (ብመንበሪ ፍቓድ፡ ቪዛ ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ወይ ዩኒቨርሲቲ ዲፕሎማ ንምርካብ)።

እዚ ሓበሬታ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣቕርብዎ። በዚ መንገዲ እዚ፡ እታ ንመመልከቲኻ ሓላፍነት እትስከም ሃገር EU+ ብቕልጡፍ ክትለለ ትኽእል።

## ስለምንታይ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ክትህብ ግዴታ ኣለካ?



ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም። እዚ ዳታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ዩሮዳክ ዝበሃል ናይ ሓባር ኤውሮጳዊ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

እዚ ዳታቤዝ እዚ ኹለን እተን 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፡ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእላ። ብዘይ ፍቓድ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተግዒዝካን ኣሰር ኣጻብዕትኻ እንደገና እንተተወሲዱን፡ ኩሉ እቲ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዳታኻ ብሰበስልጣን እታ ሃገር ክረአ እዩ።

ብዛዕባ ዳታቤዝ ዩሮዳክ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ፍሉይ በራሪ ወረቐት ተዋሂቡ ኣሎ።



## ግዴታኻ እንተዘይኣማሊእካ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?



ምስ ሰበስልጣን እንተዘይተሓባቢርኩም እዚ ኣብ መመልከቲኹም ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ።

ኣሰር ኣጻብዕትኻ እንተዘይሂብካ፡ እቶም ሰበስልጣን ድሕሪ ሕጂ ኣብ ኤውሮጳ ዑቕባ ክትረክብ ተገዳስነት የብልካን ኢሎም ክድምድሙ ይኽእሉ። ንመመልከቲኻ ምምርማር ደው ከብሉ እዮም፣ እዚ ማለት ድማ ድሕሪ ደጊም ኣብታ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰል የብልካን ማለት እዩ።

ብዘይ ፍቓድ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ ወይ ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ እንተድኣ ኣመልኪትካ፡ ናብታ መመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትምለስ ተኽእሎ ኣሎ።




ካብታ ክትጸንሓላ እትግደደላ ሃገር ወጻኢ ዝኾነት ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተሃሊኻ፡ ናጽነትካ ክግደብ ይኽእል እዩ፡ ውሑድ ደገፍ ድማ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ምእሳር ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ምእሳር ማለት ብናጽነት ክትወጽእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ፍሉይ መሳለጥያ ክትቕመጥ ከለኻ ማለት እዩ። እቶም ሰበስልጣን ንኽኣስሩኻ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ጉዳይካ ድማ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይከኣል ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም። ሰበስልጣን ቅድሚ ውሳነ ምውሳኖም ውልቃዊ ኩነታትካ ክገምግሙ እዮም። ምኽንያታት ማእሰርቲ ንኣብነት ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥



- ኣገደስቲ መዳያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ (ንኣብነት መንነትካ) ብዘይ ምእሳር ክረጋገጽ ኣይከእልን እዩ።
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ናይ ምጽናሕ ግዴታኻ ኣየኽበርካን፣ ወይ ድማ ዳግማይ ክትሃድምን ሰበስልጣን ክበጽሑኻ ዘይክእሉሉን ሓደጋ ኣሎ።
- ናብታ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሕብረት ኤውሮጳ + ሃገር ክትሰጋገር ውሳነ ተቐቢልካ ኢኻ፣ ቅድሚ እቲ ምስግጋር ድማ ክትሃድም እትኽእለሉ ሓደጋ ኣሎ።
- ናይ ጸጥታ ሓደጋ ትፈጥር ኢኻ።

እንተተኣሲርካ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ፡ ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ንምርካብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**ኣገዳሲ!** ብዘይ ፍቓድ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ፡ ኣብ መጻኢ ናይ ምእሳር ሓደጋኻ ክውስኽ እዩ።

## እቶም ሰብመዚ ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ብኸመይ ይውስኑ?

እዚ ኣብ ሓንቲ ሃገር EU+ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ናይ መጀመርታ መመልከቲኻ እንተኾይኑ፡ ሓንቲ ዝተወሰነት ሃገር EU+ ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክትወስደሉ እትኽእል ሓያሎ ምኽንያታት ኣለዉ።

### 1) ስድራቤታዊ ርክብ



እቲ ቀዳማይን ኣገዳስን ምኽንያት ሓደ ናይ ቀረባ ኣባል ስድራቤትካ ኣቐዲሙ ኣህጉራዊ ሓለዋ ተዋሂብዎ ወይ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ የመልክት ዘሎ እንተኾይኑ፡ ቅድሚ እቲ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ዘቕረብካዮ ሕቶ ምምርማሩ ምስኦም ክትራኸብ ዝግባእ እንተኾይኑ።

ዝስዕቡ ወገናት ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤት ኮይኖም ይቑጸሩ፡

- በዓል ቤትኪ ወይ ሰበይትኻ
- ርጉእ ዝምድና ዘለኩም ግን ዘይተመርዓኻያ መጻምድትኻ
- ውላድካ (ትሕቲ 18 ዓመትን ዘይተመርዓወ/ትን)።

❗ **ኣገዳሲ!** ቅድሚ ናብ ዘባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ምእታውካ ምስቲ ሰብ ርክብ ከም ዝነበረካ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ከተረጋግጽ ክትክእል ኣለካ። እዚ እዋን እዚ ካብ ዓድኻ ዝግበር ጉዕዞ ከጠቓልል ይኽእል።

ኣብ ካልእ EU+ ሃገር ዝነብር ኣባል ስድራቤት እንተሃልዩካ፡ ሓበሬታ ንምሃብ እቲ ዝበለጸ መንገዲ፡ ነቲ **'ናይ ስድራቤት መኣለሺ ቅጥዒ'** ዝበሃል ቅጥዒ ብምምላእ እዩ። ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝነብር ኣባል ስድራቤት እንተሃልዩካን ገና ነዚ ቅጥዒ እዚ እንተዘይተቐቢልካዮን፡ ምስ ሓደ ሓላፊ ወይ ምስ ኣማኻሪ ሕጊኻ ተዘራረብ። ነቲ ቅጥዒ ንምምላእ እውን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ምስ ኣባላት ስድራቤት ናይ ምርኻብ ተኽእሎታት ብዝምልከት ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብቲ **'ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ስድራቤት ከምዘለካ ንምርግጋጽ እንታይ ዓይነት መርትዖ ከተቕርብ ትኽእል?'** ዝብል ክፍሊ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## 2) ናብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንምእታው ፍቓድ

ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል እያ፣ እንድሕር ደኣ፡




- ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ቪዛ ወይ መንበሪ ፍቓድ ኣለካ
- ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ብዘይ ቪዛ ክትኣቱ ተፈቒዱልካ ምኽንያቱ ሃገርካ ምስታ ሃገር ስምምዕ ስለዘለዋ።

## 3) ናይ ትምህርቲ ብቕዓት መረጋገጺ ወይ ዲፕሎማ



- ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣብ ዝርከብ ትካል ትምህርቲ ብኣካል እንተወሓደ ንሓደ ዓመት ትምህርቲ ዝኸውን ግዘ ድሕሪ ምጽናሕካ፡ መረጋገጺ ብቕዓት ወይ ዲፕሎማ ተዋሂቡካ።

## 4) ናብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ብዘይስሩዕ መገዲ ምእታው

ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል እያ፣ እንድሕር ደኣ፡



- ብዘይ ፍቓድ ናይ ሓንቲ ካብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ግዳማዊ ዶብ ሰጊርካ



- ኣብ ባሕሪ ብሰበስልጣን ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣብ ጉዕዞ ከለኻ ካብ ባሕሪ ድሒንካ ናብ ኤውሮጳ እንተኣቲኻ



- ኣብ ሓንቲ ካብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣብ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣብ ዝርከብ መተሓላለፊ ዞባ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ መመልከቲ ኣቕሪብካ።

## 5) ናይ ኣላዪን ጽግዕተኛን ኣባላት ስድራቤት ጥርናፈ

ኣብ ካልእ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ናይ ዝርከብ ኣባል ስድራቤትካ ክንክን ትምርኮስ ወይ ድማ ኣብ ክንክንካ ዝምርኮስ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝነብር ኣባል ስድራቤት ኣለካ።



እቲ ጽግዕተኛ ኣባል ስድራቤት በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ድጋፍ ዘድልዮ እንተኾይኑ:

- ጥንሲ
- ቆልዓ ምውላድ
- ከቢድ ናይ ኣእምሮ ወይ ኣካላዊ ሕማም
- ከቢድ ስንክልና
- ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስንባደ
- እርጋን

ጽግዕተኛ ሰብ ብዝምልከት: ነቲ ጽግዕተኛ ሰብ ክትከናኸኖ ከም እትኽእል ወይ ኣባል ስድራቤትካ ክከናኸነካ ከም ዝኽእል ከተርኢ ክትኽእል ኣለካ።

## 6) ሰብኣዊ ምኽንያታት

ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ክትምርምሮ እትኽእለሉ ሰብኣዊ ምኽንያት ክህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይኽእል:

- ስድራቤታዊ ኩነታት
- ማሕበራዊ ኩነታት
- ባህላዊ ኩነታት።

ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ንመመልከቲኻ ንክትምርምሮ ክትሕተት ትኽእል እያ፣ ግን እቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናይቲ ኣብታ ሃገር ዘሎ በዓል መዚ ክኸውን እዩ።

## ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ንምርዳእ ንምሕጋዝ ቃለ መሕትት ክግበረልካ ይኽእል እዩ

እዚ ናይ መጀመርታ ግዜ ዑቕባ ዝሓተትካሉ እንተኾይኑ፡ ሰበስልጣን ውልቃዊ ቃለ-መሕትት ክገብሩ ይግባእ።

**ኣገዳሲ!** እዚ ናይ ዑቕባ ቃለ መሕትት ኣይኮነን እዩ። እቲ ቃለ መሕትት ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ክትምርምሮ ከምዘለዋ ንምውሳን ዝዓለመ እዩ።

**እዚ ቃለ መሕትት ኣርባዕተ ቀንዲ ዕላማታት ኣለዎ፡**

- ሰበስልጣን ብዛዕባ እታ ሓላፍነት እትስከም ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ንኽውስኑ ዝሕግዝ ሓበሬታ ንምእካብ
- ሓላፍነት ዝስከም ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምውሳን ዝግበር ኣገባብ ብኸመይ ከም ዝፍጸም ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ንክትሓቱ ዕድል ንምርካብ
- ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዚርከብ ሓበሬታ ሕቶታት ንክትሓቱ ዕድል ንምርካብ
- ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትሰጋገረሉ ዘይብልካ ምኽንያታት እንተሃልዩ ወይ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ንክፍቀደልካ ዝገብር ምኽንያት እንተሃልዩ ንኽሓቱኻ።

እቲ ቃለ መሕትት ኣጸቢቑ ብዝርድኣካ ቋንቋ ክኸውን እዩ።



እቲ እትህቦ ሓበሬታ ንመንግስቲ ወይ ኣብ ዓድኻ ንዝርከቡ ሰበስልጣን ኣይክካፈልን እዩ።

ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ንጹር ዘይኮነ ነገር እንተሃልዩ ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንስኻን እቲ ሓላፊን ኩሉ ነገር ክትርድኡዎ ኣገዳሲ እዩ፣ ስለዚ ሕቶታት ምሕታት ኩሉ ግዜ ጽቡቕ እዩ።



እቲ ቃለ መሕትት ብድምጺ ተቐዲሑ እዩ፣ ናይቲ ዝተባህለ ጽሑፍ ጽማቕ እውን ክወሃበኩም እዩ።

ጽሑፋዊ ጽማቕ ናይቲ ውልቃዊ ቃለ-መጠይቕካ ምስ ተቐበልካ፡ ዝኾነ ካብቲ ሓበሬታ ጌጋ ኮይኑ እንተመሲሉካን ከተዐርዮ እንተደሊኻን፡ ከምኡ ክትገብር ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ድሕሪ እቲ ቃለ መሕትት ተወሳኺ ሰነዳት ከተቕርብ ትኽእል ወይ ድማ ናብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትሰጋገር ኣይግባእን ዝበልካሉ ምኽንያታት ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ገና ዘየቕረብካዮ ሓበሬታ ወይ ሰነዳት እንተሃልዩካ፡ ናብ ሰበስልጣን ከተቕርቦ ኣለካ።

**ፓስፖርት፡ ሰነዳት-መንነትን ካልኦት መበቌላውያን ሰነዳትን እንተ ብኣካል ንፖሊስ እትቕመጡሉ ከባቢ ወይ እውን ብፖስጣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ እዚ ክትሰዶ ትኽእል ኢኻ፡**

Politiets utlendingsenhet
Postboks 2095 Vika
0125 Oslo

## ቃለ መሕትት ኩሉ ግዜ ድዩ ዝካየድ?

እዚ ናይ መጀመርታ ግዜ ዑቕባ ዝሓተትካሉ እንተኾይኑ፣ እቶም ሰበስልጣን ሕጂ'ውን ውልቃዊ ቃለ-መሕትት ንከይገብሩ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፣ እንድሕር ደኣ፡

- እታ ንመመልከቲኻ ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣቐዲማ ተፈሊጣ ኣላ ኮይና
- ኣቐዲሞም ኣየነይቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ክትምርምር ሓላፍነት ከም ዘለዋ ንምውሳን እኹል ሓበሬታ ኣለዎም።
- ቅድሚ ሕጂ ስለምንታይ ክትሳተፍ ከም ዘይከኣልካ ምኽንያትካ ነቶም ሰበስልጣን ከይነገርካ ካብ ቃለ መሕትት ተሪፍካ ኢኻ።
- ምስ ሰበስልጣን ርክብ ክትገብር ኣይከኣልካን።

ቃለ መሕትት እንተዘይተዳልዩ፣ ንከዳልዉ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እቶም ሓለፍቲ ኣቐዲሞም ንጉዳይካ ንምሓዝ እኹል ሓበሬታ ኣለና ኢሎም እንተሓሲቦም ነዚ ሕቶ ክነጽጉዎ ይኽእሉ እዮም፣ ኮይኑ ግን ነቲ ቃለ መሕትት ዘይገበሩሉ ምኽንያቶም ክቕርቡ ኣለዎም።

## ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ስድራቤት ከምዘለካ ንምርግጋጽ እንታይ ዓይነት መርትዖ ከተቕርብ ትኽእል?

ብዛዕባ ኣባል ስድራቤትካ ሓበሬታ ንምሃብ እቲ ዝበለጸ መገዲ **‘ናይ ስድራ ቤት መአለሺ’** ዝብል ቅጥዒ ብምምላእ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ዝኾነ ዝምድናኹም ከረጋግጹ ዝኽእሉ ወግዓዊ ሰነዳት መንግስቲ ኣቕርቡ። ካልእ ዓይነት መርትዖታት እውን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት ምስ ኣባል ስድራቤትካ ብቐጻሊ ርክብ ከም ዝነበረኩም ዘርኢ መርትዖታት ከም ስእሊ፣ ኢመይል ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ።



ብዛዕባ ርክብኩም መርትዖ እንተዘይብልኩም፡ እቶም ሰበስልጣን ዝምድና ከም ዘለኩም ንምርግጋጽ መርመራ ዲኤንኤ ንክትገብሩ ክሓቱኹም ይኽእሉ እዮም።

ምስ ኣባል ስድራቤትካ ክትራኸብ እትኽእል ክልቴኹም ዳግማይ ክትራኸቡ ከም እትደልዩ ብጽሑፍ ምስ እተፍልጡ ጥራይ እዩ። እንተኺኢልካ ነዚ ሰነድ ብእንግሊዝኛ ንከተቕርቦ ክትፍትን ይግባእ።

ነዚ ሓበሬታ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ምድላው ጀምር።



ተወሳኺ ሕቶታት እንተሃሊዩካ ወይ ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ምኽሪ እንተደሊኻ፡ ካብ ኣማኻሪ ሕጊ ሓገዝ ክትሓትት፡ ወይ ከኣ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ክትውከሶም ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ስድራቤት እንተሃሊዩካ ግን ምስኦም ርክብካ እንተ ተቛሪጹ፡ ንኽትረኽቦም ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ትካላት ኣለዉ።

ነዞም ትካላት እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቒምኩም ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡

Norges Røde Kors

ቍጽሪ ስልኪ: (+47) 22054000

www.rodekors.no

## እቲ መስርሕ ክንደይ ግዜ ዝወስድ እዩ?



መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ርክብ ካብ **1 ወርሕን ፈረቓን** ክሳብ **3 ወርሒ** ዝወስድ ኮይኑ፡ እዚ ግን ከከም ጉዳይካ **ዝያዳ ግዜ እውን ክወስድ** ይኽእል እዩ።



ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ እንተ ኣረጋጊጻ፡ ካብቲ ንከዛውሩኻ ዝቐረበላ ሕቶ ካብ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚሩ **ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ** ክትዘዋወር ኢኻ።




እቲ ሕቶ ዝቐረበ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣባል ስድራቤት ስለዘለካ እንተኾይኑ፡ እቲ ዝውውር **ቀዳምነት ክወሃቦ** እዩ።



ኣብዚ ሕጂ እዋን **ተኣሲርካ እንተኾንካ ወይ ኣብ ቀጻሊ እንተተኣሲርካ** ጉዳይካ **ብህጹጽ ክረአ** እዩ። ዝውውርኩም ኣብ ውሽጢ **5 ሰሙን** ክግበር ኣለዎ። እቲ ዝውውር ኣብ ውሽጢ 5 ሰሙን እንተዘይተፈጺሙ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ክትፍታሕ ኢኻ። ይኹን እምበር፡ እታ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ንመመልከቲኻ ንምምርማር ሓላፍነት ካብ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚራ ነቲ ሕቶ ካብ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ሕጂ'ውን ዝውውርካ **ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ** ክግበር እዩ።

ገበን ፈጺምካ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንተሃሊኻ፡ እቲ ናይ ዝውውር ግዜ ገደብ **እንተበዝሐ ናብ 1 ዓመት** ክውሰኽ ይኽእል እዩ።




**ኣገዳሲ!** ኣብ ከይዲ እቲ ዝውውር እንተሃዲምካ፡ ካብ ሰበስልጣን እንተተሓቢእካ ወይ ምስኦም እንተዘይተሓባቢርካ፡ **ናይቲ ዝውውር ግዜ ገደብ እንተበዝሐ ክሳብ 3 ዓመት ክውሰኽ ይኽእል።**

## ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ እንተ ኣመልኪትካኸ?

ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ጥራይ ኢኻ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ክተመልክት ዝፍቀደልካ። ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ኣህጉራዊ ሓለዋ ንክትረክብ ኣመልኪትካ እንተኾንካ፡ ናብታ ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትምለስ ኢኻ።

ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ከም ዘለዋ ዘርኢ ሓበሬታ እንተሃልዩ፡ ናብታ ሃገር መፍለጢ ክለኣኽ እዩ። እታ ናይ EU+ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ መረጋገጺ እንተ ሂባ፡ ናብ ኣየነይቲ EU+ ሃገር ከም እትሰጋገር ዝገልጽ **ናይ ዝውውር ውሳነ** ክወሃበካ እዩ።

እዚ ንኣህጉራዊ ሓለዋ እንትተመልክት ና መጀመርታ ግዜኻ እንተዘይኮይኑ፡ ወይ ድማ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ክትምርምር ሓላፍነት ከምዘለዋ ኣቐዲሙ ተወሲኑ እንተኾይኑ፡ እቶም ሰበስልጣን ምሳኻ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ዘይክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

ይኹን እምበር፡ ስለምንታይ ናብታ ሃገር ክትሰጋገር ከም ዘይብልካ ወይ ስለምንታይ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ከም ዝፍቀደልካ ክትገልጽ ዕድል ክትረክብ ኢኻ።

ሕቶ ጉዳይ ዑቑባነትካ ኣብ እትምዝገበሉ ምስ ፖሊስ ዝርርብ ኣብ እተካይደሉ እዋን ብዛዕባኡ ክትነግር ትኽእል ኢኻ።

እዚ ሓበሬታ እዚ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI እውን ከተካፍሎም ትኽእል ኢኻ።

ቀኑጽሪ ስልኪ: (+47) 23351600.

መርበብ ሓበሬታ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI: https://www.udi.no/

## እቲ ውሳነ ምስ ተገበረ እንታይ እዩ ክኸውን?

ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንክትግዕዝ ናይ ዝውውር ውሳነ እንተመጺኡካ፡ ገለ ካብ መሰላትካ ክስረዝ እዩ፣ ንኣብነት፡

- **ብዙሕ ኣገልግሎታትን ናይ ደገፍ ዓይነታትን ኣይትረክብን ኢኻ።**
- **ስራሕ ክትሰርሕ** ወይ **ኮርሳት ክትከታተል** ኣይክፍቀደልካን እዩ።





እቲ ዝውውር ካብታ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ክትምርምር ካብ ዘረጋገጸትሉ ወይ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ክፍጸም ኣለዎ።

እንተተኣሲርካ ጉዳይካ ብህጹጽ ክረአ እዩ። ዝውውርኩም ኣብ ውሽጢ 5 ሰሙን ክግበር ኣለዎ። እቲ ዝውውር ኣብ ውሽጢ 5 ሰሙን እንተዘይተፈጺሙ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ክትፍታሕ ኢኻ።

ሕጂ'ውን ዝውውርካ ካብቲ እታ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ንክትምርምር ዘረጋገጸትሉ ወይ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ክዳሎ እዩ።

ገበን ፈጺምካ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንተሃሊኻ፡ እቲ ናይ ዝውውር ግዜ ገደብ እንተበዝሐ ክሳብ 1 ዓመት ክውሰኽ ይኽእል እዩ።

**ኣገዳሲ!** ኣብ ከይዲ እቲ ዝውውር እንተሃዲምካ ወይ ምስ ሰበስልጣን እንተዘይተሓባቢርካ፡ **ናይቲ ዝውውር ግዜ ገደብ እንተበዝሐ ክሳብ 3 ዓመት ክውሰኽ ይኽእል።**

## ምስቲ ናይ ዝውውር ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ እንታይ ይኸውን?



ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ከምዘለዋ እንተተወሲኑ፡ ናይ **ዝውውር ውሳነ** ይመጸካ። እዚ ውሳነ እዚ ናብ ኣየነይቲ ሃገር ከም እትሰጋገር ይሕብረካ።

ምስዚ ናይ ምስግጋር ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕኩም ምኽንያትኩም ንቤት ፍርዲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ይግባይ ምቕራብ ይበሃል። ንሓደ ውሳነ ይግባይ ክትብል ከለኻ፡ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክህብ እዩ።

ንውሳነ ዝውውር ይግባይ ንምባል ሰለስተ ምኽንያታት ጥራይ እዮም ዘለዉ፡

- ናብታ ዝተመረጸት ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ምስግጋር ኣንጻር ሰብኣዊ መሰላትካ እዩ እንተይልካ
- ናይ ዝውውር ውሳነ ኣብ ዝተዋህበሉ እዋን ዘይነበረ ሓድሽ ሓበሬታ እንተልዩ እዚ ድማ ነቲ ውሳነ ክጸልዎ ዝኽእል እንተኾይኑ
- ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ስድራቤት እንተልዩምኻ እሞ ምስኦም ክትጥርነፍ እትኽእል እንተኾይንካ





ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣማኻሪ ሕጊ ክትቖጽር ዓቕሚ እንተዘይብልካ፡ ኣብቲ ይግባይ ዝሕግዘካ ኣማኻሪ ሕጊ ብነጻ ክቐርበልካ እዩ።

ኣብዚ ኩሉ መስርሕ ክርድኣካ ዝኽእል ቋንቋ ብዝዛረብ ተርጓሚ ክትድገፍ ኢኻ።

## ናይ እገዳ ተፈጻሚነትን ስዒቡ ዝመጽእ ይግባይን ብሓባር ከኾኑ ከለዉ ብዛዕባ ይግባይ ክትፈልጥዎ ዘለኩም

እቲ ናይ ግዜ ገደብ፡ ኣበይን ብኸመይን ይግባይ ከም እተቕርብ ኣብቲ ዝተዋህበካ ናይ ዝውውር ውሳነ ክግለጽ እዩ።

ናብቲ ናብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንምስግጋር ዝተዋህበ ውሳነ ዘይትሰማምዓሉ ምኽንያት ወይ ምኽንያታት ከተቕርብ ይግባእ።

ብተወሳኺ ይግባይካ ኣብ ዝቕጽለሉ እዋን ናብታ መመልከቲኻ ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትሰጋገር ከምዘይብልካ ዝገልጽ ምኽንያት ወይ ምኽንያታት ክትህብ ይግባእ..

ቤት ፍርዲ መጀመርያ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ኣብዛ ሃገር ውጽኢት ናይቲ ይግባይ ክትጽበ ትኽእል ዲኻ ኣይትኽእልን ብዝምልከት ኣብ ውሽጢ **1 ወርሒ** ክውስን እዩ። እዚ ድማ ኣብ ናይ እገዳ ተፈጻሚነት ዝግበር ይግባይ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ቤት ፍርዲ ውጽኢት ናይቲ ይግባይ ኣብ ውሽጢ እዛ ሃገር ኮይንካ ክትጽበ ከምዘይትኽእል እንተ ወሲኑ፡ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ናብታ መመልከቲኻ ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ።

ቤት ፍርዲ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ክፍቀደልካ ኣለዎ ኢሉ እንተ ወሲኑ፡ ቤት ፍርዲ ናብታ ንመመልከቲኻ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር EU+ ክትሰጋገር ኣለካ ድዩ የብልካን ብዝምልከት ካብቲ ውሳነ ናይ እገዳ ተፈጻሚነት ዝወሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክህብ ክፍትን እዩ።

ይግባይካ ተቐባልነት እንተዘይረኺቡ፡ ናብታ ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ። እቲ ዝውውር ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ካብ ዝሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክግበር ይግባእ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ተኣሲርካ እንተኾንካ ወይ ኣብ ቀጻሊ እንተተኣሲርካ ጉዳይካ ብህጹጽ ክረአ እዩ። ዝውውርኩም ኣብ ውሽጢ 5 ሰሙን ክግበር ኣለዎ። እቲ ዝውውር ኣብ ውሽጢ 5 ሰሙን እንተዘይተፈጺሙ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ክትፍታሕ ኢኻ። ይኹን እምበር፡ እታ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ንመመልከቲኻ ንምምርማር ሓላፍነት ካብ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚራ ነቲ ሕቶ ካብ ዝተቐበለትሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ሕጂ'ውን ዝውውርካ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ክግበር እዩ።

**ኣገዳሲ!** ምስ ሰበስልጣን ክትተሓባበርን ናብታ ንመመልከቲኻ ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክትጓዓዝን ኣለካ።

## እንታይ ዓይነት ውልቃዊ መረዳእታ እዩ ዝእከብ?



ኣብታ እትነብረላ ሃገር EU+ ዘለዉ መኮንናት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓዊሱ ዝተወሰኑ ሓበሬታታት ክእክቡ እዮም:

- ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታኻን ናይቶም ምሳኻ ዝተጓዓዙ ኣባላት ስድራቤትካን (ስም፡ ዜግነት፡ ዕለትን ቦታን ልደት)። ቅድሚ ሕጂ ዝተፈላለየ ኣስማትን ዝርዝራትን ተጠቒምካ እንተኾንካ ብዛዕባ እዚ ክሓቱኻ እዮም።
- ሓበሬታ ብዛዕባ መንነትካን ናይ ጉዕዞ ሰነዳትካን።
- ዝኾነ ካልእ መንነትካ ከረጋግጽ ዝኽእል ሓበሬታ፡ ከም ኣሰር ኣጻብዕትኻ።
- ዝርዝር ብዛዕባ ኣብ ካልእ EU+ ሃገር ዝነብር ዝኾነ ኣባል ስድራቤት፡ ከም ውልቃዊ ዝርዝራቶም፡ ናይ መወዳእታ ርክብ ዝገበርካሉ ግዜ፡ ኣድራሻኦምን ሕጋዊ ኩነታቶምን።
- ዝርዝር ብዛዕባ ዝኾነ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትነብር ዘኽኣለካ ሰነዳት እዚ ንናትካ ጉዳይ ዝምልከት እንተኾይኑ።
- ኣብ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንልዕሊ ዓመት ከም ዝተማሃርካ ዘርኢ ሰነዳት ዝምልከት ሓበሬታ።
- ናብዛ ሃገር ንምብጻሕ ኣየኖት ሃገራት ከም ዘቋረጽካ ዝምልከት ሓበሬታ።
- ውልቃዊ ኩነታትካ።
- ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ይኹን ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝቐረበሉ ዕለትን ውጽኢት ናይቶም መመልከቲታትን።

## ምስ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብዝተኣሳሰር ዘለዉኻ መሰላትካ እንታይ እዮም?

ዝኾነ ንሰበስልጣን ዝሃብካዮ መረዳእታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

ዝኾነ ውልቃዊ መረዳእታኻ ቅኑዕ ኣይኮነን ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ኣይተሰርሐን ኢልካ እንተኣሚንካ፡ ነቲ ዘይቅኑዕ መረዳእታ ክእረም ወይ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝተሰርሐ መረዳእታ ክስረዝ ንምሕታት ምስቲ ተቖጻጻሪ መረዳእታ ብምርኻብ ናብ ውልቃዊ መረዳእታኻ ንክትረክብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣብዛ ሃገር ዘሎ ተቖጻጻሪ መረዳእታ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቒምኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

መርበብ ሓበሬታ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/**UDI:** https://www.udi.no/kontakt-oss/

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ተዋሂብዎ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ክግበር ይኽእል። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025